HM Government

Grenfell community updates

# Grenfell Tower community update: July 2026 - Tigrinya / ትግርኛ

**ናይ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ናይ ማሕበረሰብ ሓበሬታ፦ ሓምለ 2026**
ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ነቶም በቲ ሓደጋ ኣዝዮም ዝተሃስዩ ዓሚቑ ውልቃዊ ትርጉም ከም ዘለዎን እታ መሬት ንስድራቤታት ቅዱስ ምዃናን ንፈልጥ ኢና።

ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ ብዛዕባ እንሰርሖ ዘለና ስራሕ ክንሕብረኩም ንደሊ። ኣብዚ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝስዕቡ ዳህሲስና ኣለና፡

- **ናይ ትግበራ ውጥን**
- **ነቲ ናይቲ ታወር (ህንጻ) መሸፈኒ ምቕያር**
- **ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣበራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን**
- **ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ድጋፍ**
- **ከመይ ጌርካ ምሳና ከም እትዘራረብን ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብን**

ናይ ቅድሚ ሕጂ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም:
www.gov.uk/grenfell-community-updates

## ነቲ ናይቲ ታወር (ህንጻ) መሸፈኒ ምቕያር

እቶም ናይ ግረንፌል (Grenfell) ልቢ ዘለዎም ባነራት፡ ድሕሪ መበል ትሸዓተ ዓመት ዝኽሪ ናይቲ ሓደጋ፡ ካብቲ ታወር ብጥንቃቐ ተላዒሎም ኣብ ውሑስ ቦታ ተዓቂቦም ኣለዉ። እቲ ነቲ ታወር ካብ ጽልዋታት ኩነታት ኣየር ንምክልኻል ኣብ ድሕሪ እቶም ባነራት ተቐሚጡ ዝነበረ ጻዕዳ መሸፈኒ ሕጂ ይቕየር ኣሎ።

## ናይ ትግበራ ውጥን

ነቲ ናይ ግረንፌል (Grenfell) ታወር ብጥንቃቐ ናይ ምፍራሽ ስራሕ፡ ፍቓድ ዘለዎ ልምዓት (Permitted Development) ብዝበሃል፡ ን12 ኣዋርሕ ዝጸንሕ ናይ ምስራሕ ፍቓድ ኣገባብ ተጠቒሙ ዝሓለፈ ዓመት ተጀሚሩ እዩ። ነቲ ዝተረፈ ስራሕ ንምዝዛም፣ ብናይ ክሮውን ልምዓት (Crown Development) ናይ መደብ መስመር ኣቢልና መመልከቲ ኣእቲና ኣለና። እዚ ኣብ ከይዲ እቲ መስርሕ ዝግበር ስሩዕ ቀጻሊ ስጉምቲ እዩ እምበር እቲ ስራሕ ኣብ ዝሳለጠሉ ኣገባብ ዘምጽኦ ለውጢ የለን።

ነቲ መመልከቲ ኣብዚ ዝስዕብ ክተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም፦
CROWN/2026/0000003 - ሰነዳት – ናይ Crown Development መመልከቲ ምርካብ

እዚ መስርሕ እዚ፣ ድሒሩ ኣብዚ ዓመት እዚ ነቲ ብናይ ፍሪሃውስ (Freehaus) ዝምራሕ ብማሕበረሰብ ዝቐረበ ናይ ንድፊ መስርሕ ስዒቡ ንዝቐርብ ናይ ግረንፌል ታወር መዘከርታ (Grenfell Tower Memorial) ናይ መደብ ፍቓድ መመልከቲ ዝተፈለየ እዩ።

## ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣቦራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን

መንግስቲ ኣብ ቦታ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኩሉ ስራሕቲ ብዝለዓለ ደረጃ ጽሬት ከምዝፍፀም ንምርግጋፅ ቆሪፁ ተላዒሉ ኣሎ። ጥዕናን ድሕነትን ሕብረተሰብን ኣብቲ ቦታ ዝሰርሑ ሰባትን ቀዳምነትና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣብቲ ቦታ ብዛዕባ ኣቦራ፡ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን ቀጥታዊ መረዳእታ ዝእክቡ ሞኒተራት ኣለዉ። እቲ ዳታ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ይሕተም። እዋናዊ ጸብጻባት ንምርኣይ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክታት ጠውቑ፦

ናይ ዶሮና (ኣቦራ) ምክትታል ጸብጻብ ካብ 4 ግንቦት ክሳብ 31 ግንቦት 2026 ናይ ምንቅጥቃጥ (ቪብሬሽን) ምክትታል ጸብጻብ ካብ 4 ግንቦት ክሳብ 31 ግንቦት 2026 ናይ ድምጺ ረብሻ ምክትታል ጸብጻብ ካብ 4 ግንቦት ክሳብ 31 ግንቦት 2026

ኤጀንሲ ድሕነት ጥዕና ዓባይ ብሪጣንያ (UK Health Security Agency፣ UKHSA) ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ኣብ ከባቢ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኣብ ዝርከብ ከባቢ ጽሬት ኣየር ምግምጋምን ምክትታልን ክቕጽል እዩ። ጸብጻባቱ ወርሓዊ ይዝርግሕ። እዋናዊ ጸብጻብ ኣብዚ ክተንቡ ትኽእሉ ኢኹም፦
ድሕሪ ባርዕ ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ስዒቡ ዝግበር ናይ ከባቢ ምክትታል - GOV.UK

## ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ድጋፍ

እንተደኣ ምስ ሓደ ሰብ ክትዘራረቡ ድልየት ኣለኩም ኮይኑ፣ Grenfell Health and Wellbeing Service (ኣገልግሎት ድሕነትን ጥዕናን ግረንፈል) ን ህጻናትን በጽሒታትን ካብ ክፍሊት ናጻ ናይ NHS ኣገልግሎታት ዘቕርብ እዩ። እቲ ግረንፌል ታወር (Grenfell Tower) ብጥንቃቐ ናይ ምፍራስ ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ ምሉእ እዋን፣ ንሓዘንተኛታት ስድራቤታት፣ ካብቲ ሓደጋ ብሂወት ዝተረፉ ሰባትን ኣብቲ ከባቢ ንዝነብሩ ነበርትን ዝወሃብ ደገፍ ቀጻሊ ክኸውን እዩ። ምስ ዝኾነ ሰብ ኽትዘራረብ እንተ ደሊኻ፦

- ናብ ኣገልግሎት ድሕንነት ግረንፈል (Grenfell Wellbeing Service) ብ 020 8637 6279 ደውሉ። (ካብ ሰዓት 8 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 8 ምሸት፣ በብመዓልቱ)
- ኣብ ህጹጽ እዋን ናብ ማእከላይን ሰሜናዊ ምዕራብ ለንደንን NHS ፋውንዴሽን (Central and North West London NHS Foundation Trust፣ CNWL) ንጽል ነጥቢ ምብጻሕ መስመር ምኽሪ ደውሉ፣ ብስልኪ ቁጽሪ፦
  0800 0234 650 (ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት፣ ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልታት ክፉት እዩ)።
- ኢመይል: grenfell.wellbeingservice@nhs.net
- ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ተወከሱ: www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk

ብዛዕባ ዝርከቡ ኣገልግሎታት እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፡ www.grenfell.nhs.uk

## ከመይ ጌርካ ምሰና ከም እትዘራረብን ተወሰኺ ሓበሬታ ትረክብን

ንዓኻ ብዝሕግዝ መንገዲ ሓበሬታ ክነካፍል ንደሊ። ብቐጻሊ ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ ምክፋል ክንቕጽል ኢና፦ www.gov.uk/grenfell-community-updates

ብኽብረትኩም በዚ ኢሜል ግበሩልና፦ GrenfellTowerSite@communities.gov.uk ናብ:

- ምሳና ወይ ምስቲ ናይ ግረንፌል ታወር (Grenfell Tower) ቦታ ቀንዲ ተቋራጺ ዝኾነ DCUK ንምዝርራብ ቆጸራ ግበር።
- ብዛዕባ ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝስራሕ ስራሕ ዝኾነ ሕቶታት እንተልይኩም ሕተቱና ወይ ስክፍታታትኩም ኣካፍሉና።
- ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታና ብቐጥታ ብኢመይል ንክንሰደልኩም ሕተቱና።
- እንተደሊኹም፣ ምሳኻትኩም ብኸመይ ከምእንረዳዳእን ከምእንዋሳእን ብዝምልከት ሓሳብኩም ኣካፍሉ። ርእይቶኹም ብሓጎስ ንቕበሎ።

ንእዋናዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower)፡ ከምኡ’ውን ንናይ ኢመይል መፍለጢታት ንምምዝጋብ፡ ብኽብረትኩም ናብዚ ዝስዕብ ኪዱ: www.gov.uk/grenfell-community-updates ወይ ድማ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሩ።